# ቃል ጽንዓት ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን

## ብግርማይ ስዩም

ስደት ዝነበረን ዘሎን ዝቕጽልን እኳ እንተኾነ ኣቦታትና ግን ንስደት ብውርደት እዮም ዝገልጽዎ ነይሮም። እቲ ቀደም ስደት ውርደት'ዩ ዝበሃል ዝነበረ ድማ ሎሚ ናብ ስደት ሞት'ዩ ዝብል ተቐይሩ ሂወት ኣሽሓት ዚጋታትና ክበልዕ ንርእዮ ኣሎና። ሞት ብሞቱ ድማ ብመግለጺ ዘይርከቦ ክትኣምኖ ዘጸግም ብዘስካሕክሕ ስቅያት ዝተሰነየ ሞት።

ንሱ ስለ ዝኾነ ኢና ድማ ሎሚ ንኽብሪ ናይ'ቶም ዘስካሕክሕ ሽግርን ስቓይን ኣሕሊፎም ክሓልፉሎም እናብሃገ እሞ ድማ ኣብ ምቕራቦምን እቲ ዝበሃግዎ መሬት ኣማዕድዮም እናርኣይዎን ኣብ ኣፍደገ ደሴት ላምፓዱሳ ምስ በጽሑ ብዝወረዶም ሓደጋ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ጥሒሎም ብዕለት 03.10.2013 ብሞት ዝተኾልፉ ዜጋትና።

ከምኡ'ውን ንኽብሪ ናይቶም ኩሎም ቅድሚ ሕጂ ዘእውየሎም ዘይረኸቡ ግን ከኣ መላስ ኣውያት ዘይብሎም ምድረበዳ ሰሃራን: ሲናይን: ማእከላይ ባሕርን: ዝዋሓጦም ኣሽሓት ኣሕዋትናን ኣሓትናን።

ብተወሳኺ ድማ ንኽብሪ ናይቶም ጎኒ ጎኒ ናይ ላምፐዱሳ ትማሊ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ትግራይ ዝርከብ መዳጎን ስደተኛታት ማይ ዓይንን ዓዲ ሓርሽን ብጥይት ወታሃደራት ወያነ ተደብዲቦም ሂወቶም ዝሰኣኑን ዝቖሰሉን ዜጋታትና ኢና ክንሓዝንን ክንጻናናዕን ከነጻናንዕን ተኣኪብና ዘሎና።

ሰብ ስለ ዝኾናን ሰብ ድማ ስለ ዘጥፋእናን ተኣኪብና ክንሓዝንን ክንጻናናዕን ድማ ንቡር'ዩ። ድሕሪ ህልቂት ላምፐዱሳ ግን ስቕታና ክስበር ኣለዎ።

እወ ድሕሪ'ዚ ኩሉ ህልቂት'ዚ ነቲ መንእሰያት ምጽንቃቕ ዝብል ኣጀንዳ መንግስቲ ዋሺንግቶን ክዉን ንምግባር ላዕልን ታሕትን እናበሉ መንእሰያትና ባዕሎም ከይሓስቡን: ናይ ቀደምን ናይ ሕጅን ናይ መጻእን ኣዋሃሂዶምን ጸሚቖምን ኣብ ሃገሮም ኮይኖም ከይቀስኑን: ናጽነቶም ከየስተማቕሩን: ሂወቶም በተን ዘለዋኦም ኣርውዮም  ብሰላም ከይመርሑን: መዓትን ትንቢትን እናዋሰቡ ራኢኦም ኣጸልሚቶም ንሕልናኦም እናልመሱ ናብ ስደት ከም ዘምርሑ ዝገብሩ  ዘለዉ ገበነኛታት  ክንምክቶምን ከነቃልዖምን ኣሎና።

እወ ድሕሪ'ዚ ኩሉ ህልቂት ነቶም ንናጽነት ኣብ ክንዲ ብትርጉም ሂወትን ቅሳነትን ብደጋዊ ናይ ጓኖት ሃብቲ: ብደረጃ ናብራ: ብፍልስፍናታት ናይ ፖለቲካን እናለክዑ ብምትላል: መንእሰያትና ሃጽ ኢሎም ከም ዝጠፍኡ ድሕሪ ምግባሮም መሰልን ክብርን ዜጋታትና ናብ ዕዳጋ ኣውሪዶም ከይኣኽሎም ኮላሊቶም ከይተረፈ እናሸጡ ዘጋይጹ ዘለዉ ስሱዓት ተገልቢጦም ገበኖም ከሰኩምናን ብምግፋፍ ሰብኣዊ መሰል ክኸሱናን ሱቕ ኢልና ክንርእዮም የብልናን።

እቲ ሓቅን እቲ ጠንቅን ኩላትና ንፈልጦ ኢና። እቲ ሳዕቤኑ ድማ ንርእዮ ኣሎና። በቲ ሓደ ገንዘብካ በቲ ሓደ ድማ ውላድካ: ድርብ ክሳራ። ኣብ ምንቲ ምንታይ። እዚ ክዕገትን ደው ክብልን ኣለዎ።

ንባዕላትና ተሰዲድና ንኻልኦት ኣይትሰደዱ ኣይኮንናን ንብል ዘሎና። ኣይትሙቱ ኢና ንብል ዘሎና። ስደት ብዋጋ ሂወት መንእሰያት ክኸውን የብሉን ኢና ንብል ዘሎና። ተሰደዱ ግን ውሕስነት ዘለዎ ስደት ተሰደዱ ኢና ንብል ዘሎና።

ሞትን ሓዘንን መካይድቲ እዮም። ብርግጽ በዚ ኣብ ዝሓለፈ ዕመታት ዝተራእየ ህልቀት ናይ መንእሰያትና ልብና ብጓሂ ሰንቢሩ እዩ ኒሕና ግን ኣይተሰብረን። ሕጂ'ውን እንተኾነ ሕልናና ብሓዘን ተደፊኑ ሱቕ ክንብል የብልናን። ትጽቢት ጸላእትናን ተጻባእትናን ጽንዓትና ተሰይሩ ሕልናና ብሓዘን ተደፊኑ ርእስና ከነድንን ክንንብርከኽን ክርእዩና ስለ ዝኾነ ክንሓዝን ኣሎና ርእስና ከነድንን ግን የብልናን። እኳ ደኣ በንጻሩ ከምዚ ሎሚ ብዝወረደ ህልቂት ንኸንሓዝን ተኣኪብናዮ ዘሎና: ድሕሪ ሕጂ ንኽይድገምን ንምዕጋቱን ድማ ሞራልና ክብ ኣቢልና ተኣኪብና ክንዘትይን ናይ ኣይፋል ድምጽና ከነስምዕን ኣሎና።

እግዝኣብሄር ንኹሎም ግዳይ ናይዚ ኣሰቃቒ ህልቂት'ዚ ዝኾኑ ዜጋታትና ኣፍደገ ሰማያቱ ከፊቱ ይቀበሎም ናይ ዘልኣለም ዕረፍቲ ድማ ይሃቦም ።

ጽንዓት ንኹሎም ወለድን ቤተሰቦምን

ድርብ ጽንዓት ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ

ሽማግለ ሕዝባዊ መኸተ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን